# ብዛዕባ ሊቕ ገብረሕይወት ባይኽዳኝ፡ግብረመልሲ ንቢቢሲ ትግርኛ

===========/////////==========/////////========////////========

ክቡራት ኣንበብቲ፡ከመይ ትኾኑ ኣለኹም፣ ሰላም ወ ሊላይ ክኽዕነልኩም እመነይ።በሉ ናብ ቑውምነገረይ ብቐጥታ ክእትወኹም እፈቱ።

ከም`ቲ ኣብ ርእሰ ነገሩ ሰፊሩ ዘሎ፡ዝተፈላለዩ ትካላት ማዕከናት ዜና ብፍላጥን ብዘይፍላጥን ዘንቐሎ ኣካይዳ፡ናብ ህዝቢ




በብጊዚኡ ዝቐርብኦ ሓበሬታት ጌጋ ዝሓዘ ኮይኑ ከከም ኩነታቱ፣ኣበየ መድረኻቱ የዳንፈኻ'ዩ። "ርእይቶኹምን ነቐፌታኹም የድልየና ኢዩ!!" ወርትግ ዝብላ እኳ ተኾና ግን ብተግባር ክውን ክኸውን ምርኣይ ዚውቱር ዳርጋ ኣይኮነን`ዩ።

ከም ኣነ ኣብ ዝሓለፈ ነዊሕ ዓመታት ንዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና ርእይቶን ሓሳብን እንሓንሳብ ድማ ነቐፌታይ ምስዳድ ባህ ስለ ዝብለኒ እሰድድ`የ።ከም ድምጺ ሓፋሽን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን ኰነ ቲቪን መርበብ ሓበሬታትትን-ስለ-ዘይበሰልና ኢዩ ዘየቕረብዎ ንብል ነበርና-ግን ልቢ ምስ ገበርካ ለካ ግናይ ባህሊ ምዃኑ ይስወጠኻ እዩ።

ብድሕሪኡ እውን ኣብ ዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና ከም እኒ፡ድምጺ ወያነ፣ፋና፣ዋልታን ኢትቪን ዝኣመሰላ ትካላት ዜናን ሓበሬታን ድማ ግዲ ልቢ ገይርና፣ነቲ ዘድልየና ንከታተሎ ኮይና፣ንሳተንን መሰልተንን ኽኣ፡ዝበኣሳ ኮይነን ትረኽበን ኢኻ።እዚ ምስክርነት እዚ ብቐንዱ ናተይ ምስክርነት እዩ።ናይ ካልኦት`ውን ተመሳሳሊ ከም-ዝኸውን ፅኑዕ እምነትን ትዕዝብትን ኣለኒ`ዩ ግን ኣብ ናተይ ኢየ ክግደስ ምርኩስ ገይረ ክጽሕፍ እፈቱ።

እሞ ደኣ፡እዘን ንህዝቢ ከነገልግል ኢና ተበጊስና`ዶ ወይ ቆይምና ዝብላ 'ትካላት ዝተሰመያ'-ንመትከል መርሖ ማዕከናት ዜና ጥሒሸን ከም ድላየይ እምበር ከም ድላይ ኣንበብተን ወይ ተከታተልተን ክኾና ዘይከኣላ፡እቲ ኣመጻጽኣ እቶም ዘቆምወን ዉድባትን መንግሥታትን ዘምፅእዎ ድሕሩን ግጉይን ስርዓትን ኣካይዳን ዘስዓቦ ምኳኑ ርዱእ እመስለኒ።ንሱ ድማ ኣብ ሕይወት ነፍሲወከፍ ዝሸረፍ ኣሉታዊ ሳዕቤን ብምህላው ጠንቒ ይኸውን ከም ዘሎ እምነተይ ኢዩ።ርዲእተይ እውን ኢዩ።

እታ ሓንቲ ክትገብራ ትኽእል ድማ መመሊስኻ ምጽሓፍን ትፈልጦ ምንጋርን ኢዩ።ምቕባሉን ዘይምቕባሉን ድማ ከከም ሰቡን ትካሉን ይኸውን እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።ንቢቢሲ ትግርኛ ኣተኹሮ ዝገበርክሉ ምኽንያት ድማ ልዑል ትጽቢት ገይረ ብምንባረይ`ዩ።ትካል ቢቢሲ ብቋንቋ ትግርኛ መደባት ከቃልሕ ኢዩ ዝብል ሓበሬታ ካብ ንሰምዕ ኣትሒዙ፣ ኣነን ብጾተይን ዓቢይ ተስፋን ትጽቢትን ነይሩና ኢዩ።ብተግባር ግን ኣነን ብጾተይን ከም ትጽቢትናን ሃንቃናን ኣይኰነልናን ዘሎ።ምናልባሽ ከማሓይሹ ይኽእሉ እዮም ዝብል ግን ብገለ ሽነኹ ኣሎ`ዩ።ኣብ`ዚ ቐረባ ዓመታት ብዝረኣናዮን ዝተዓዘብናዮን ግን ትዕዝብትናን ምክትታልናን ዝዕግብ ኣይኰነን ዘሎ።

ከም ዉልቀይ እኳ ኣብ ዝረኣኽዎ ጌጋታት ዝበልክዎን ክእረም ሓሊነ ዝጸሓፍኽዎ ርእይቶታት-ኣብ ለሰ ባይታ ቕቡልን ዕንጋለ መልሲ ክወሃበሉ ርእየ ሰሚዔን ርእይየን ኣይፈልጥን'የ።እዚ ካብ ኰነ ካብ ሎሚ ጀሚረ ክእረም ዝበልኽዎ ሓበሬታን ካልእ ርኤታትን፣ ኣብ ዝሓዝክሉ ብኸምዚ ሣውያ ገይረ ክጽሕፍ ኣንቌለ ምህላወይ ክሕብር እፈቱ።ሓደ ትካል ዜናን ሓበሬታን ከም'ቲ መርሖኡን ጭርሑኡን ዝብሎ መሠረት፡ኣሳታፍን ደሞክራስያውን ኰነ ካባ ተሓታትነትን ፍትሓዊ ኣሰራርሓን ክህልዎ ትሓስብን ትምነይን ኢኻ።

እሞ ድማ ኣብ መዋእል ዘመነ 21 ኮይንኻ ድማ፣እቲ ንደርግ ስዒሩ ዝመጸ ሓይሊ ኣብ'ቲ ይሃሉ፡ኣብ`ዚ-መርሖ ደሞክራስን ፍትሕን ኣይታዮሙን ብምኳኑ ብዙሕ ክሳራታትን እልበታትን ኣስዒቡልና ኢዩ።ካብ ታሪኽን ጊዜን ተማሂርና ድማ ንትካል ቢቢሲ ትግርኛ ከም ትፅቢትና እኳ ተዘይኰነት ግን ድማ ኣብ`ቲ ፍጹም ክንሓልፎ ዘይግበኣናን ክንጻወሮ ዘየፍቕደልናን ኣብ ዝመሸኣና ጊዜ ግብረ-መልስታትና ክንህብ "ብዉዲ ብግዲ!" ከም ዝብልዎ ኮይኑና ኣሎ።እንሆ ድማ ብሊቕ ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ ብመጠኑ እፍልሞ ኣለኹ።

እምበኣር፡ብዛዕባ ሊቀ-ሊቃውንቲ ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ ኣድሂበ ብርክት ዝበሉ ዓንቐጻትን ሓጸርቲ መንቲ ጽሑፋትን ጽሒፈ ብምንባረይ፡ንገሊኡ ንሎሚ`ውን ክጥቐመሉ ክፍትን'የ።ፈላመይቲ መታን ገለ ስእሊ ክህልወና፣ንድምጺ ወያነ ቕድሚ ሎሚ ዕለት ቕድሚ 10 ዓመት ጽሒፈሎም ዝነበርኩ፡ግን ስለ ዘየቓልሕዋ፣ኣብ ቐረባ ጊዜ ኣብ ጋዜጣ ወይን ደጊሙ ብምውጽኡ ዝሃብኽዎ ሓጺር ርእይቶ ግብረመልሲ ከቕርብ እፈቱ።

#[#ብዛዕባ](#) ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ፡ኣድሂብኩም ኣብዚ ሰሙን ዝሓተትኹምኒ ብጾት ማሕበራዊ መራኸቢ፡ንገለ ነጥብታት ኣሕጽር ኣቢለ ከጠቕስ እፈቱ።

#[#ኣብ](#) ዝተፈላለዩ ጋዜጣታት፡ሬድዮን ተለቪዥን ጣብያን ይኹን ኣብ መጽሓፍትን መርበባት ሓበሬታትን፡ብፍላጥን ብዘይ ፍላጥን ጌጋ ሓበሬታ ተዘርጊሑ ኢዩ።ጌጋ ወይ ሓሶት ድማ መላሲ የብሉን ኢዩ።ከምቲ "ሓንካስ ዘውረየ፡መላሲ የብሉን!" ዝበሃል ማለት ኢዩ።

##"ንሓሶት ሽሕ ግዜ ተደጋጊምኻያ ድማ ሓቂ ትመስል!"-ዝብልዋ ኣለዉ ኢዮም።ኣረ-ገሊኦምሲ "ንሓሶት እልፊ ኣእላፍ ተደጋጊምካያ-ሲ፡ሓቂ ኢያ ትኸውን!" ዝብሉ እውን ኣለዉ ኢዮም።
##እሞ ኣብዛ መጽሔት ተዘርጊሑ ዘሎ ሓበሬታ ኣተኲርኩም ልቢ ሂብኩም እሞ ረኣይዎ ወይ ንበብዎ ኢኹም፣ክንደይ ዝእረም ነጥብታት ኣለዎ ኢዩ።


# ኣባሻውል!
## ነጋድራስ ገብረህይወት ባይከዳኝ

#[#ብመሰረቱ](#) ንሰፊሕ መብርሂ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታን ኣብ ገለ ማዕከናት ዜናን፡ቅድሚ ሎሚ ብሰፊሑ ገሊጸዮ ነይረ ኢየ።

ግን እናሻዕ እቲ ሓሶት ወይ ጌጋ ሓበሬታ ብምግዋሑን ፅጹይን ጽፉፍን መጽናዕትን መርምርን ብዘይምኽያዱ፡ተሓጺብካ ኣብ ጭቃ ኮይኑ ኣሎ።

[#እሞ](#) ደኣ፡ሙሁር ሥነ ቁጠባን ጸሓፍን ነጋድራስ ገብረሕይወት፡ናብ ኣስመራ ኣባሻውል ዝኸዱ፡ከምቲ ብርኽት ዝበሉ ጸሓፍቲ ዝብልዎ ዘይኮነሲ፡ወላዲት ኣዲኡ፡በዓል ቤተን ሸቃ ገብረሕይወት፡ኣብ ኩናት መተማ ብምስውኦም፡ምስ ሓደ ሓማሴናዊ ሰብኣይ ሓዳር ገይረን ኢየን፣ናብ ሕምብርቲ ከተማ ኣስመራ ዝኾነት ኣባሻውል ዝኸዱ።

ናይ'ዚ ምስክር ድማ እኒ ኣቦይ ጸጋይ ሓጎስ (ሕጂ ወድ 110 ኣቢሎም)፣ሸምቢሸ ስብሓት ተስፋይን (ብሕይወት ተሃልዮም ወዲ ልዕሊ 112 ይኾኑ እዮም) እዞን ኣብዚ ስእሊ ዘለዋ ሓላል ኣደ(ሎሚ ቕነ ካብዛ ዓለም ብሞት ዝተፈለያ)ኣደይ ሕይወት ገብረሕይወትን ካብቶም ካብ ወለዶምን ኣብ ኣባሻውን ቕድሞ 80 ዓመት ዝሰምዕዎ፡ዛንታ ወለዶምን ደቂ ገዛውቶምን ኢዩ።

ገብረሕይወት ባይከዳኝ፡ኣብ ምዕባለ ስነ ቁጠባ ሃንዳስን ቀላስን ምኳኖም ምሁራት ሥነ ቁጠባን ተመራመርቲ ታሪኽን ዝገልጽዎ ሓቂ'ዩ።ገብረሕይወት፡ኣብ እምኩሉ ከም ዝተምሃረ ኣይግለጽን ኢዩ።ናብ ባጽዕ ዝኸደሉ ኣገባብ እውን ካብቲ ክእረም ዘለዎ ነጥቢ ሓደ'ዩ።

#[#ገብረሕይወት](#) ባይከዳኝ፡ካብ ጀርመን ምስ መጹ እውን፡ኣብ ኣባሻውል ይቕመጡ ነይሮም ኢዮም።ናብ ባጽዕ እውን እናሻዕ ይወርዱ ነበሩ።ብፍላይ ድማ ምስቶም ፈላሚ ናውቲ ማሕተም ካብ ኤውሮጳ ካብ ምኒሊክ ተላኢኾም ዘምጽኡ ዝነበሩ፡ወልቀታይ ብጻዮምን ምስ ማህደረ ቃል ተወልደመድህን ይኹን ምስ ክቡር ኣቶ ጳውሎስ መንኣመኖም(ናይ ማሕርሮ ብጻዮም) ብምኳን ይመላለሱ ነይሮም'ዮም።



[#ኢኖ](#) ሊትማን፡ካብ ከረን ናብ ዓድዋን ኣክሱምን ከመጽእ ከሎ፡ምስቶም ዓቢይ ምሁር ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙ (ኣከለጉዛይ)፡ኣብ ታሪኽን ቋንቋን ኣብ ዘድንዓሉ እዋን ብኣላይለነት ደጃዝማች ገብረሥላሴ፡ምስ ካህናት ካቶሊክን ኦርቶዶክስን ከላዘቡን ኢሂን ምሂን ከበሃሃሉን ኸለዉ፡ብጉድለት ጥዕና ምኽንያት ከም ትጽቢቶም ከሳትፍዎ ኣይከኣሉን ኢዮም።ግን እጃሙ ብተዘዋዋሪ እገብር ነይሩ ኢዩ።

[#ብሓጺሩ](#) ኣብ ጉዳይ ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ፡ማማ ሕይወት ገብረሕይወትን በዓል ቤተን ብላታ ኣጽብሓ ገብረሕይወት፡ብጽሑፍ ሰኖዶሞ ተሃልዮም፡ምስ ወዶም ክቡር ፓስተር ታደሰ ተዘራሪብና፡ገለ ክንገብር ተስፋ

~"ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ ከመይ እዩ ኣማውት'ኣም፤

====================================

ብዛዕባ ስርሓውትን ጽሑፋትን፡ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ ብዙሓት ሙሁራት ኣብዚ 100 ዓመት መበራበርን ቀላሲ ኣንፈት ምርምርን ኮይንዎም እዩ።

ነጋድራስ ገብረሕይወት ዘበርኸትዎ ደርማስ ኣስተዋጽ'ኦ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዩኒቨርስታት ንምርምርን መጽናዕትን ባብ ኣርሒዩ እዩ።ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ትማሊ ኣብ ጉዳይ ወልደ'ኣብ ወልደማሪያም 'ወልወል' ኣድሂብና ምስ ሓንቲ ተጋዳሊት ነበር ዕላል ከፊትና ህጁም ንብል።

እታ ተጋዳሊት ፖለቲካዊ ትንታነ ከትህብ ከላ ደስ እያ ትብለኒ ወትሩ፣ሓደው ኣብ ኣዘራርብኣ ትሕትና ኣለዋ፡በቲ ሓደ ከኣ ልዝብ ኢላ ብምቕሉልል ኣገባብ እያ ትትንትን።ዳርጋ መሰታ ኣደይ ትከውን እያ።ግና ከም መሓዛይ እየ ዝርእያ።ክንዲ ዝኮነ ከኣ በቃ ደስ ዝበለና ጉዳይ፡ኣልዒልና ብናጻን ብኩፉት መድረኽን ኣብ መጋሪያ-ዕላል ብርሱን ማህገራዊ ወኒ ንሃልል ኢና ኣብዝሓ ጊዜ ክብል እደፍር'የ።

እሞ ትማሊ ኣብ ጉዳይ ወልወል ኣድሂብና ክንዛራረብ ከለና፣ "ኣበይ ዲዩ ትውልዶም፤ እዞም ኣብ ኤርትራ ፖለቲካ ስሞም ዝለዓል እንዲዩ ሓቀይ ትብለኒ፤"



ኣነ ከኣ፡"እወ፡ ልኽዕ ኢኺ በልኽዋ።"

"እሞ ብዛብዕ'ኣም ብዙሕ እዩ ዝበሃል ግን ጥልቕ ዝበለ ኣፍልጦ የብለይን።"-በለትኒ መንፈስ ትሕትና ብዘለዎ ቃና።

ኣነ ኸኣ፡ "እወ፣ንናጽነት ኤርትራ ተቓሊሶም እዮም-ኤርትራዊ`ውን ኢዮም፣ግና ትውልዶም ዋላ ባዕሎም 'ትግራዋይ ኢንዲኩም ምስ በልዎም፡ ኣብ ሓደ መድረኽ'፣ብዘይነግፈረግ ትግራዋይ ምኺኖም ከምዝገለጹ ብሰፊሑ ይንገር እዩ።ኣብ መጽሓፍ 'ኣይንፈላለ' ከማን ኣሎ እዩ።" ይብላ።

ወሲኽ ኸኣ፡ "እወ ብዛዕባ ኣቦይ ወልደ'ኣብ ብዙሕ ሳዕ ይዝረብ እዩ።ገሊኦም ወዲ ኣክሱም እዮም ዝብሉ ኣለዉ።ወዲ ተንቤን እዮም ዝብሉ ገለ ኤርትራውያን`ውን ኣለዉ`ዮም።ኮታ ብዙሕ ፍሉጥ ሰብ ተኮይንካ እትን እትን እዩ ዝበሃለልካ ኢለ ዘረባይ ቀጺለ።"

እምበር ኣብ ዓድዋ፡'ዞንጉይ' ዝበሃል ዓዲ ኣዲኦም፣ኣብ እንዳባጉና ሽረ ድማ ዓዲ ወላዲ ኣብኦም ኢዩ ዓዶም በልክዋ ነዛ ተጋዳሊት ነበር መሓዛይ።

ንሳ ከኣ፡"ብምግራም ዞንጉይ ደኣ ዓድና እንዲዩ፣ ማለት ናይ ኣቦይ ወላዲየይ፡ ኣብ ዞንጉይ እዩ፣ ናይ ኣደይ ከኣ ኣብ ሎጎምቲ እዩ።"-ትብለኒ።

ኣነ ድማ፡ "ናይ ታሪኽ ፈላጣትን ኣብ ሥነ ዓውዲ ቐጠባ ሙሁራትን ዝኮኑ ኣብ ኣስመራ ብዛዕባ ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ ከዛረቡ ከለዉ፣ወዲ ሎጎምቲ ምኺኖም ይዛረቡ ምንባሮም ቖጺል ይብለኒ እሞ፣ንነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ ዓል ዓዶም ኢኺ ማለት ድዩ፤-በሊ ክትሕግዝኒ ኢኺ ሓበሬታ ናቶም እምብዛ ስለዘገድሰኒ እብላ።"

"እዋእ። ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ፡ደኣ ነደይ ኣኩ'ኣ እንዲዮም፣ይሕግዘካ እምበር ታሪኾም ተደሊካዮ፤ ትብለኒ።" ኣዲኣ ወይዘሮ ጸሃይቱ ኪዳንኡ እየ ዝበሃል በዓል ሎጎምቲ ኢየን።-ሕጉስ በልኩ ብልበይ ንሃንቃይ ምስክርነት ብምርካበይ።

ገሪሙኒ ብሓጺር መንገዲ ፈጣሪ፡ብዙሕ ጊዜ ብከምዚ መንገዲ ኸንደይ ታሪኽ ይፈጥረለይ እዩ፣እሞ ድማ ስራሕ ፈጣሪ ይገርመኒ! በሊ ሓደራኺ ኣብ ኣማውታን ግለ ታሪኮምን ቀልዑት ኮይና ንሰምዖ ነገር ስለዘሎ ኣጣልለለይ ኢኺ፤" እብላ።

"ሕራይ! ከማን ኣማውት'ኣም፣'ብቕን'ኢ እዮም ተቀቲሎም እዩ' ተባሂሉ ዝንገረና።" ምስ በለትኒ።

ኣመና ተገሪመ ምኽንያቱ ኣብ ጊዜ ኃይለሥላሴ ኮነ ኣብ ጊዜ ደርጊ ብጸሓፍትን ብጋዜጠኛታትን ኹሉ ሙሁራትን ኣማውታ ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ :'ብዝሓደሮም ሕዱር ሕማም:ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ከም-ዘተፈለዩ' እዩ ዝዛረብን ዝጸሓፍን ነይሩ ዝብል ካብ ዝተፈላዩ ሙሁራትን ፈላጣትት ታሪኽ ደጋጊመ እሰምዕ እየ።

ስለዚ፣ኣብ'ዚ ጉዳይ ምርምር ትገብሩ ሰባት፣ገለ ኣንፈት ይኾነኩም እዩ ዝብል ሓሳብ ኣለኒ።እቲ ምንታይ ታሪኽ-ታሪኽ ስለ-ዝኮነ፣ይንዋሕ ይሕጸር እቲ ሓቂ ክዝረብን ክጸሓፍን ስለ-ዘለዎ ክእንፍተልኩም እረድይ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ መበል 19 ኽፍለዘመን፡ኣብ ማይ ኣባሻውል ኪንዮ ኤርትራውያን፡ ብዙሓት ተጋሩ 'ኣብዝሓ ካብ ዓድዋን ኣክሱምን'፣ካብ ኣምሓራ 'ጎጃምን ጎንደርን' ካብ ደገ ኸኣ  የመናውያን፣ቱርኽን ካል'ኣትን ይነብሩ ብምንባሮም፣ንባጽዕ ወይ ንደገ ዝኸይድ ወድ ሓበሻ ዘብ'ኡ ኣብ ማይ ኣባሻውል ይዕርፍ ምንባሩ፣ብዙሓት ሰብ ጺጋ ዕድመ ይዛረቡ እዮም።

በዚ ኸኣ ነጋድራስ ኣብ ኣባሻውል የዕሪፎም ምንባሮም ዝዛረቡ ኣለዉ።እቲ ሥነ ሞንት'ውን ብመገዲ ኣስመራ ናብ ባጽዕ እቲ ተመራጻይ መገዲ ብምንባሩ፣በቲ መገዲ ምሕላፍ ንቡር እዩ ነይሩ።

በኒቶ ሞሶሎኒ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ፣ብፍላይ ኣብ ፈለማ 1920ታት ፋሽስታዊነት ብዕሊ ምስ ተገልጸ-ኣዋጅ እውን ምስ ተኣወጀ፣ኣብ እንዳ ማሪያም፣ኣብዚ ከባቢ ዕዳጋ እንዳደርሁን ወዘተን ዝነበሩ ደቂ ሓበሻ ኣብዝሓ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገጹን፣እቶም ምስ ኣሉላ ኣባነጋ ከቲቶም ዝነብሩ ሰራዊት ኣብ ሓዳርን ኣብ ካልእ ሕይወትን ተጸሚድም ፋሕ ኢሎም ናብር'ኦም ይመርሑን ዝነብሩ ብም'ል'ኦም፣ካብቲ ፋሽስታውነት ዝተግሃደሉ ጊዜ፣ካብ ጽርጊያ ማይ ኣባሻውል ንላዕሊ ጥራይ ሓበሻ ክነብር ከምዝተወሰነ ዝምስኽሩን ዝገልጹን ብዙሓት እዮም።

እዚ ሓሳብ'ዚ ንመራጎዲ ተኹነና ካብ ዝብል እዩ።እምበር እቲ ፍረ ነገሩ እንተስ በቲ እንተስ በቲ፣ነጋድራስ ገብረሕይወት ኣብ ወደብ ባጽዕ ምስ በጽሑ፣ከምቲ ኩልና ንፈልጦ ናብ ኤውሮጳ ናይ ምካድ ዕድል ኣጋጥምዎም እዩ።

ከምቲ ገለ ገለ ጸሓፍቲ ዝብልዎ ዘይኮነ ኸኣ፣ ኣብ ጀርመንን ኣብ ኦስትርያን እዮም ተማሂሮም እምበር ኣብ ኣውስትራሊያ ኣይኮነን።
ይቕጽል..."-5 ሓምለ 2016 ዓ/ም/ፈ

================//////////================//////////==========

"ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ፡ብዛዕባ ሓደ ፀሓፊ ታሪኽ፡ከማልኡ ወይ ከካትቶ ዘለዎ ነጥብታት ዓሊሞም እዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ቕድሚ ሓደ ዘመን ኣቢሎም፡ካብ ዝገለጽዎ ወሳንን ቐላስን ነጥብታት ነዚኣን ይመስላ።

#ብመጀመርታ ንዝተገበሩ ፍጻሜታት ተዓዛቢ ልቦና ክህልዎ ኣለዎ።
#ካልኣይ ንዝተፈጸሙ ፍጻሜታት ፍርዲ ንምሃብ ዘየዳሉ ኣእምሮ ክውንን ኣለዎ።
#ሣልሳይ፡ንዝተዓዘቦን ንዝሃቦ ፍርድን ንምፍላጥ፡ንፁር ሣውያ ቋንቋ ክጥቀም ኣለዎ።

ኣብ'ተን ሓጸርቲ ዕምሪ ሕይወቶም፡ክልተ መጽሓፍቲ ጽሒፎም'ዮም።ንሳተን ድማ እዚኣተን ኢየን።

**"ኣጤ ምኒሊክና ኢትዮጵያ"፥**
**"መንግስትና የሕዝብ አስተዳደር"**

ነጋድራስ ገብረሕይወት፡24 ሰነ 1911 ዓ/ም/ሓ፡ ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልዮም።እንተኾነ ገሊኦም ጸሓፍቲ ታሪኽን ተመራመርትን፡ኣብ መበል 31 ዓመቶም ኢዮም ሞይቶም ዝብሉ ኣሎዉ፣ገሊኦም ድማ ኣብ መበል 33 ዕድሚኦም ከም ዝሞቱ ዝገልጹ ኣሎዉ ኢዮም።

"ሰብ ካብ ዓቢይ ይኩን ካብ ንእሽተይ ስድራ-ቤት ይወለድ፣ንገዛእ-ርእሱ ንዓቢይ ስራሕ ከዳልው ኣለዎ።"-ብዝብል ተጠቃሲ ሓሳብ እውን ይፍለጡን ይዝረኩን ኢዮም።"-11 ሓምለ 2018 ዓ/ም/ፈ

ኣብ መወዳእታ፡ጽሟቕ ትሕዝቶይ ድማ ፈለማ እታ ቢቢሲ ትግርኛ ናብ ሕዝቢ ዝጸሓፍዋ ናባኹም ከብላ እየ።ንዝተፈላለዩ ታሪኽ ሰሪሖም ዝሓለፉ ብምዝካሮም ድማ ከመሥግኖም እፈቱ።ግን ድማ ኣብ`ቲ ዝእረም ሸንኻቱ ካብ ዝኰነ ይኹን ወሃቢ ርእይቶ ሓሳብን ነቐፌታን ኣብ ዝመጾም እዋን ብድፍረትን ብቕሉዕን ክቕበሉ ይግባእ`ዩ በሃሊ እየ።ከም'እተን ብመንግስትታትን ዉድባትን ዞባና ዘለዋ ሃገራት ከምዘይትኰኑ ተስፋይ ወሰን የብሉን`ዩ።ቢቢሲ ካብ`ኣተን ዘይትፍለይን ኣብነታዊትን ተዘይኾይና እሞ እንታይ መለሳ ኣሎዎ ኸደኣ፧! እሞ ተስፋና ኣይተጸንቐቕን ኣሎ እሞ እታ ጽሕፍትን ኣብ መርበብ ሓበሬታ facebook እቲ ትካል ዝጸሓፍኽዋ ርእይቶ ኣላጊበ ከቕርበልኩም እረድይ።

# ~ “-ሃዋርያ ለውጢ፡ ሊቅ ነጋድራስ ገብረሂወት ባይከዳኝ መን'ዩ?

9 ጉንቦት 2021



ምንጪ ስእሊ,DM

መግለጺ ስእሊ,

ነጋድራስ ገብረሂወት ባይከዳኝ

**ብዙሕ ጊዜ ብዛዕባ’ቶም ካብ ዞባና ዝመንጨዉ ፈሊጣን ዳርጋ ኣይጽሓፍን’ዩ፣ ዛንትኦምን ኣበርክቶኦምን ኣይንገረሎምን’ዩ። ሓደ ካብ’ቶም ምኽንያታት ‘ካብ ንጉስ መን ኣብሊጹ ይፈልጥ?’ ካብ ዚብል ሓሳብ ዝመንጨወ ከይኮነ ኣይተርፍን።**

እቲ ዝተወርሰ ባህሊ ንነገስታት ኢትዮጵያ፡ ሰማይ ብምስቃልን ነቶም ናይ ሓቂ ሃዋርያ ለውጢ ንከኾኑ ዝበቕዑ ዜጋታት ድማ ብምጉሳይ‘ዩ ክዝንቶ ጸኒሑ።

ብሓፈሻኡ እቲ ዝቐርብ ዝነበረ ትንተና እቶም ዝሓለፉ ጉልታዊ ስርዓታት ድሑራትን’ዮም ነይሮም ተባሂሉ’ዩ ብድብድቡ ዝስገር። “ንኣብነታውያን ሃዋርያ-ለውጢ ሃሰው ኣብ እንብለሉ እዋን ብዛዕባ ህይወት ናይ’ቶም ትምህርቲ ጸጊቦም ንሃገሮም ዘበርከቱ ምሁራን ሃገራውያን ኣሰሮም ንኽንክተል ቅኑዕ ኰይኑ እረኽቦ” ይብል ፕሮፈሰር ባህሩ ዘውዴ።

- ኣብ ገጠራት ትግራይ ዝነብር ህዝቢ ዝያዳ ሰብኣዊ ቅልውላዉ ኣጋጢምዎ ከምዘሎ ተገሊጹ
- ነብሰ ቐትለት ዝፍጽሙ ዘለዉ 'ዝተረስዑ' ስደተኛታት

ሓቁ’ዩ፣ ምልስ ኢልና ከነስትብህለሎምን ክንመሃረሎምን ዝግብኣና ጉዳያት ኣሎዉ፣ ሓደ ካብ’ኦም ኣብ’ቶም ዝሓለፉ ስርዓታት ሓሓሊፎም ሃዋርያ ለውጢ ነይሮም’ዮም፣ ሓደ ካብ’ኦም፡ ፕሮፈሰር ባህሩ ዘውዴ'ውን ከም ዝመስከረሉ፡ ነጋድራስ ገብረሂወት ባይከዳኝ ነበረ። ብነጋድራስ ዝፍለጥ ሽመት እንታይ ማለት’ዩ? መበል 19 ክፍለ ዘመን ኣብ ምውድኡ ነጋድራስ ኣገዳሲ ስልጣን ነበሮ፣ ናይ ሓደ ከተማ ምንቅስቓሳት ንግዲ፡ ምሕደራ ግምሩኽ፡ ቀረጽ ምእካብ ዘኣመሰሉ ስርሓት ኣብ ሲቪላዊ ስርዓት ኰይኑ ብመንግስቲ ዝተሓርየ ሰብ ናይ ነገድራስ ሽመት ይወሃቦ ነበረ። ድሓር’ዩ ብዝሓሸን ዝሓየለን ኣገባብ ብከንቲባነት ዝተተክአ።

ነጋድራስ ገብረሂወት ባይከዳኝ ሓደ ካብ’ቶም ኣብ ወጻኢ ከይዶም ክመሃሩ ዕድል ዝረኸቡ ዕውቀተኛ ነበረ። ሓኪም፡ ተመራማሪ ስነ-ቍጠባ ኰይኑ ብሓፈሻዊ ፍልጠት ዝተዓደለ ኣዝዩ በሊሕ ሰብ ነበረ። ብዕድመ ግን ኣይተዓደለን።
ፕሮፈሰር ባህሩ ዘውዴ ንህይወት ነጋድራስ ገብረሂወት ባይከዳኝ ግርም ገይሩ ኣብ ኢትዮጵያ-ኤንሳይክሎፐድያ ብዘስፈሮ ዓንቀጽ ኣቢሉ ይገልጾ።
‘ኣብ ኢትዮጵያ ዘመናዊ ኣገባብ ስራሕ ንከታኣታቱ ህርድግ ዝብል ዝነበረ ምሁር ነበረ’ ኢሉ ይገልጾ።

**ሓጺር ድሕረ-ባይታ ነጋድራስ ከመይ ይመስል?**

ነጋድራስ ገብረሂወት፡ ብ30/7/1886 ኣብ ማይ ምሻም፡ ወረዳ ዓድዋ ተወልደ፣እቲ ዜሕዝን ግን ብዕለት 1/7/1919 ኣብ ሰዊት ዕድሜኡ ካብዛ ዓለም ተፈልየ።

ነጋድራስ ገብረሂወት ኣብቲ ህይወቱ ሰሲኑሉ ዝነበረ ዕድሚኡ’ዩ ተኾሊፉ። ከምኡ ዘኣመሰለ ጕብለል ክሳብ ዕድሜ ዝጸግብ ጸኒሑ እንተ ዝነብርሲ ክንደይ’ኮን ንሃገሩ መበርከተ ነይሩ ኢልና ክንሓስብ ድማ ናይ ግድን’ዩ።

ኣብቲ እዋን’ቲ ሕማም ኢንፍሉወንዛ (ስፓኒሽ-ፍሉ) ኣብ ኤውሮጳን እስያን ልሒሙ፡ ጸኒሑ ኸኣ ኣብ ብዓለሙ ዝተላባዓሉ እዋን ነበረ፣ ኢትዮጵያ ኸኣ ኣብ ዓዘቕቲ’ቲ ሕማም ዝኣተወትሉ እዋን ነበረ። ነጋድራስ ገብረሂወት ከኣ ኣብ 33 ዕድሜኡ ኣብ ሃረር፡ ምሕደራ ኣታውን-ወጻእን ንግዲ እናኣታተወ፡ እቲ ምሕደራ’ቲ ኸኣ ኣብ ምሉእ ኢትዮጵያ ንምዝርጋሕ መደብ እናውጽአ ኢዩ ዓሪፉ።

ብዘመኑ ሓደ ካብ'ቶም ኣዝዮም ምሁራት ሰባት ከምዝነበረ ሰነዳት ታሪኽ ደጋጊሞም ይምስክሩሉ፣ እኳድኣ፡ ኣብ ፈለማ 20 ክፍለ ዘመን ኣብ ማሕበራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ጽገና ንክትኣታቶ ብግብሪ ዝፈተነ፡ ሓሳቡ ኸኣ ኣብ ጽሑፍ ብመልክዕ መጽሓፍ ዘስፈረ ክኢላ ነበረ ይብልፕሮፈሰር ባህሩ ዘውዴ።

ኣቦኡ፡ ሸቃ ባይከዳኝ፡ ኣብ ትሕቲ ንጉስ ነገስታት ሃጸይ ዮውሃንስ ኰይኖም ኣብ መተማ እናተዋግኡ ወደቑ፣ እዚ ብ9 መጋቢት 1889 ነበረ።

በቲ ናይ ሸዑ ጥሜት ዝትኣታተወ ቅልውላው (1888-1892)፡ ከምኡ'ውን ሞት ሃጸይ ዮውሃንስ (1889) ኣብቲ ዞባ፡ ምናዳ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ፡ ሓያል ነውጺ ኣኸተለ፣ ገብረሂወት ባይከዳኝ ኸኣ ኣብ ሸውዓተ ዕድሚኡ፡ ካብቲ ነውጺ ንምህዳም ምስ ሒዶት ብጾቱ ኰይኑ ንኤርትራ ኣምርሐ።

ኣብ ኤርትራ ምስ በጽሐ፡ ናብ'ቲ ናይ ሚስዮናውያን ሽወደናውያን መካነ-ካምፖ - ኣብ ጥቓ እምኩሉ ዝበሃል ኣብ ገምገም ኤርትራ ዝነበረ ነቑጣኦም - ገጹ ተጓዕዘ፣ ኣብኡ ኸኣ ተዓቒበ። እቲ መካነ-ካምፖ ኣብ ሞንጎ እምኩሉን ሕጥብሎን ጥቓ ወደብ ባጽዕ ስለ ዝነበረ ሓደ መዓልቲ መራኽብ ባሕሪ ንኽርኢ ንባጽዕ ወረደ።
ገብረሂወት ባይከዳኝ ኣብ ባጽዕ ምስ በጽሐ ህይወቱ ንቅጽበት ዝተለወጠትሉ መዓልቲ ነበረት።

**ገብረሂወት ኣብ ኤውሮጳ**
ገብረሂወት ባይከዳኝ ኣብ ባጽዕ ዝበጽሓሉ እዋን ሓንቲ ዓባይ ናይ ንግዲ መርከብ-ጀርመን መልሕቕ ተኺላ ጸንሓቶ። ፕሮፈሶር ባህሩ ዘውዴ ከም ዝብሉ፡ ገብረሂወትን ኣዕሩኽቱን ንካፕተን ናይታ መርከብ ፍቓድ ሓቲቶም ነታ መርከብ ንክድህስሱ ደየቡ። ዑደቶም ምስ ወድኡ ገብረሂወት ኣብ ዉሽጢ'ታ መርከብ ተደቢቑ ተረፈ።

እታ መርከብ ነቐለት፡ ንኤውሮጳ ገጻ ኸኣ ጕዕዞኣ ጀመረት። እቶም ባሕረኛታት ንገብረሂወት ኣብ ዉሽጢ'ታ መርከብ ምስ ረኸብዎ ክመልስዎ ከም ዘይክእሉ ተረዲኡዎም ንኤውሮጳ ምስኦም ክጐዓዝ ገደፉዎ።
እታ መርከብ ኣብ መድረሻኣ ምስ በጽሐት እቲ ካፕቴን ንገብረሂወት ኣብ ዑቕባ ሓደ ርኹብ ስድራ-ቤት -ካብ ኦስትሪያ ምዃኖም'ዩ - ኣረከቦ።

ገብረሂወት ዕድል ገይሩ፡ እቶም ስድራ ብጽቡቕ ተቐበልዎ፣ ከም ዉሉዶም ንከዕብይዎ ኸኣ ወሰኑ።
ገብረሂወት ኣይሓመቐን፣ ኣብ ትምህርቱ ነፍዐ፣ ክብል-ክብል ከኣ ቋንቋ ጀርመን ክመልኽ ጥራይ ዘይኰነስ ኣብ ክብ ዝበለ ደረጃ ትምህርቲ በጽሐ።

እቶም ስድራ ኸኣ ናይ ሕክምና ትምህርቲ ንክምሃር ናብ ዩኒቨርሲቲ-በርሊን ለኣኽዎ።
ትምህርቱ ምስ ኣጠናቐቐ ገብረሂወት ኣብ ኤውሮጳ ኣይተረፈን፣ እንታይ ድኣ፡ ብፍቓዱ ናብ ሃገሩ ተመልሰ። ናብ ኢትዮጵያ ዝተመልሰሉ እዋን ብቀዳምነት እቲ ዝቐሰሞ ትምህርቲ፡ ቀጺሉ ኸኣ ቋንቋ ጀርመን፡ መጠነኛ ፈረንሳይኛ፡ ከምኡ'ውን እቲ ዘይረስዖ ቋንቋ ኣዲኡ - ትግርኛ - ሒዙ'ዩ ተመሊሱ።

ፕሮፈሰር ባህሩ ከም ዝብሎ፡ ገብረሂወት ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ተመልሰ ቋንቋ ኣምሓርኛ ንክምሃር ናይ ግድን ኰነ፣ ብደገዝማቲ የጋዙ በሃብተ ኣቢሉ ኸኣ ሓደ ንፉዕ መምህር ኣምሓርኛ ረኸበ፣ ንኣምሓርኛ ኸኣ መለኾ፡ ካብ ደቀባት ኣብሊጹ ተማህሮ።
እኳድኣ ብኣምሓርኛ ኣዝዩ ምዕቡል ዝኾነ ናይ ምጽሓፍ ዓቕሚ ኣጥረየ። ብዓቕሙን ብልጫታቱን ተመሪጹ ኸኣ ንንጉስ ዳግማዊ ምኒልክ ናይ ቀረባ ኣገልጋሊ ንክኸውን ተመርጸ።
ብጊዜ ዉግእ-ዓድዋ ገብረሂወት ወዲ ዓሰርተ ዓመት፡ ኣብ ኤውሮጳ በጽሒ ተማሃራይ'ዩ ነይሩ።
**ኣበርክቶ ነጋድራስ**
ነጋድራስ ገብረሂወት ባይከዳኝ ክልተ ዓበይቲ ስርሓት'ዩ ኣበርኪቱ - ብኣምሓርኛ - 1) 'መንግስትና የህዝብ ኣስተድደር'፣ 2) 'ኣጼ ምነሊክና ኢትዮጵያ' ዘርእስተን መጸሕፍቲ።

እታ ቀዳመይቲ መጽሓፍ ብ1995 ኣብ ቋንቋ እንግሊዘኛ ተተርጕማ ኣብ ትሕቲ "State and Economy of Early 20th Century Ethiopia" ዚብል ኣርእስቲ ተሓትመት።
እታ ካልኣይቲ ኸኣ ብ1993 ብፈረንሳይኛ ("L'Empereur Menelik et L'Ethiopie" ) ተተርጕማ ቀረበት። ንምዃኑ 'መንግስትና የህዝብ ኣስተድደር' ድሕሪ ሞቱ'ያ ተሓቲማ።

ፕሮፈሰር ባህሩ ዘውዴ ከም ዝብሎ፡ ነጋድራስ ገብረሂወት፡ ትሕዝቶ ናይ'ታ ካልኣይቲ መጽሓፉ ንኽትትግበር ተስፋ ኣንቢሩላ ነበረ። እዚ ማለት፡ ዳግማዊ ምኒሊክ ምስ ዓረፉ ዝተክኦም ንጉስ - ኢያሱ 5ይ - ተገዲሱ ነቶም እማመታት ኣብ ግብሪ ብምውዓል ዘመናዊ ስልጣኔ ኣብ ኢትዮጵያ ከተኣታቱ'ዩ ዝብል ተስፋን እምነትን ነበሮ፣ ኣይኰነን ግን።
ነጋድራስ ገብረሂወት ኣይተሓጐሰን፡ ግናኸ ጻዕሩ ቀጸለ። ኣብ ጽሑፉ ከም ዝርአ በቶም ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ትካላት ብቑዓት ብዘይምንባሮም ይሻቐል ከም ዝነበረ ክንርኢ ንኽእል።

ከምኡ'ውን ብዛዕባ ቅርጺ ቍጠባ ሃገር፡ ዘይምዕሩይ ኣታዊ ዜጋታት፡ ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ምዕቡላት ሃገራትን ዝነበረ ንቍጠባ ሃገር ዝሃሲ ዘይምዕሩይ ንግዲ … ወዘተ. ኣብሪሁ ጽሒፉ'ዩ፣ ብሓቂ ቅድሚ ዘመኑ ዝነበረ ምሁር።

ኣብ ሓደ እዋን፡ ዳግማዊ ምኒሊክ ሓሚሞምሉ ዝነበረ እዋን፡ ገብረሂወት ምስ እቴጌ ጣይቱ ስኒት ከም ዘይነበሮም ፕሮፈሰር ባይሩ ዘውዴ ይገልጽ፣ ብእኡ ምኽንያት ከኣ ገብረሂወት ብ1909 ኣብታ ብእንግሊዝ ትግዛእ ዝነበረት ሱዳን ንሓጺር እዋን ተዓቑቡ ነበረ።
ገብረሂወት ካብ ሱዳን ንሃገሩ ክምለስ ከሎ ብሕማም ተጠቒዑ ኣብ ባጽዕ ንኽዕቄብ ተገደደ። ኣብ ባጽዕ ሕክምኑ ኣጠናቒቑ ንሃገሩ ተመልሰ።

ንሃገሩ ምስ ተመልሰ እቲ ኣብ ሱዳን ዜስተብሃለሉ፡ ከምኡ'ውን ኣብ'ታ ብጣልያን ትግዛእ ዝነበረት ኤርትራ ዝረኣዮም ምዕባሌታት ምስቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ኲነታት ብምምዛን ንናጻ ኢትዮጵያ ተመሳሳሊ ምዕባሌ ክምነየላ ጀመረ፣ ኣስዒቡ ቀልቡ ኢትዮጵያ ብከመይ ኣገባብ ከም እትምዕበለ ኣብ ሓሳቡን ስራሑን ማእከላይ ቦታ ከም ዝሓዘ ፕሮፈሰር ባይሩ የዘንቱ።

ገብረሂወት፡ ከምቲ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ፡ ድሕሪ ዉግእ ዓድዋ ዳግማዊ ምኒሊክ ዜድሊ ለውጥታት ከተኣታትዉ ኣይከኣሉን ካብ ዚብል ሓሳብ ነቒሉ፡ ተስፋኡ ኣብ ልጅ ኢያሱ ኣሕደረ። ልጅ ኢያሱ ግን እቲ ዝተገብረሎም ትጽቢት ኣየማልኡን፣ እቲ ለውጢ ብተፈሪ መኰነን (ድሓር ብስም ሃጸይ ሃይለስላሴ ኣብ ስልጣን ዝደየቡ) ክተኣታቶ ተስፋ ተነብረሉ።

ንጉስ ሃይለስላሴ፡ ብቕዓት ገብረሂወት ርእዮም ኣብ ክብ ዝበለ ሓላፍነት ዘሎዎ ስራሕ መንግስቲ ቆጸርዎ።

ነጋድራስ ገብረሂወት ከም ዋና-ተቈጻጻሪ ናይቲ ካብ ኣዲስ ኣበባ ንጁቡቲ ዝህነጽ ዝነበረ ሓዲድ ባቡር፡ ከምኡ'ውን ብ1917 ነጋድራስ ዲረዳዋ ኰይኑ እናገልገለ ኣብ 33 ዕድሚኡ ካብዛ ዓለም ተፈልየ።
ድሕሪ ሞቱ፡ እቶም ንሱ ዘቕርቦም ዝነበሩ ንቕጠባ ሃገር ዘርእዩ ሓሳባት ንዝሰዓቡ ምህሩን ወለዶታት ጸልዩዎም'ዩ፣ ምናዳ እቶም ኣብ ፈለማ 70ታት ዝነበሩ ኣብዮታውያን።"
=====================//////////////////////===================

#ቢቢሲ ትግርኛ፡ኣብ'ዚ እውን ዝእረም ነጥብታት ኣሎዎ።ንሱ ድማ ንገሊኡ ንምጥቃስ ዝከኣኸል-ሓደው፡ኣዲኡ ናብ ኣስመራ ዝኸዳ፡ሓማሴናዊ ሰብኣይ ብምእታወን እዩ እምበር ምስ ብጾቱ ኮይኑ ኣይኰነን ከይዱ።
ካልኣይ ድማ ኣብ ወረዳ ዓድዋ ዘይኰነሲ ኣብ ኣውራጃ ዓድዋ ኢዩ።ኣብኡ ብዝሞተ ኸኣ ኣብ ዓዲ ኣዲኡ ኢዩ ነይሩ።

#ካልእ ኣብ ኣስመራ ኣብ ከባቢ ኣባሻውል ብምጽናሕ ናብ ባጽእ ወሪዱ።ኣብ እምኩሉ ዝነበረ ቤት-ትምህርቲ ሽወደናውያን ድማ ተማሂሩ እዩ።
#ኣብ ጉዳይ ኣማውትኡ ዝምልኸት ተኰነ ብሕማም ኢዩ ሞይቱ ተባሂሉ ብመንግሥቲ ተወርዩን ተጻሒፉን እምበር ብኢደ ሰብ ምኳኑ'ውን ካብ ስድራ እንዳ ጳውሎስ መንኣመኖን ኰነ ኣባላት ስድራቤቶም ይዝረብ'ዩ።ገለ ጸሓፍቲ'ውን ነዚ ሓሳብ'ዚ ይጠቕስዎ ኢዮም።

#ብዝኰነ ቢቢሲ ትግራኛ ብዙሕ እርማት ካብ ዝተፈላለዩ ሰባት ተዋሂብኩም፡እንተኰነ ሓንጎፋይ ኢልኩም ክትቅበሉ ስለ ዘይትረኣዩ-ካብ ሎሚ ንደሓር ብስሩዕ ታዕሊቕ ክወሃበኩም ግድን ክኸውን ኣሎ'ዩ።

#ኣብ'ዚ 3 ዓመት ዳርጋ ይገብር ካብ ዝከታተሎ-ዳርጋ ንሱ ኢዩ ዘሎ ትዕዝብተይ-ብርኽት ዝበለ ርእይቶን ነቐፌታን ዉሒዝኩም ከማን ፍጹም ክትእርሙ ወይ ምላሽ ክትህቡ ኣስተውዒለ ኣይፈልጥን እየ።

#ኣነ ድማ ነዚ ዝብሎ ዘለኹ ነጥብታት፡መርትዖን ሥነ ሞጎትን ስለ-ዘለኒ-መድረኽ ፍጠሩልና ኢልናኹም ሓንጊድኩም እምበር፡ድልው ኢየ ድሕሪ ደጊም፣ብፍላይ ኣብ መዳይ ታሪኽ ዝምልከት ተኰይኑ ኢሂን ምሂን ክብል ኹነ ብሓሳብ ንሓሳብ ኣብ መድረኽ ንኣይተት ፍትሕን ርትዕን ክበሃሃልን እረድይ እየ።

## ምሥግና፡-

- ወሳንን ቐላስን ምስጋና ንፈጣሪ ኹሉ ዓለም ዝኰነ ኣምላኽ ይኹነለይ-እቲ ምንታይ ሳላ ናቱ ሳህልን ምሕረትን ነዚ ክገብር ስለዘክኣለኒ እብል።
- ኣብ'ዚ ዝሓለፉ 30 ዓመታት ኣቢሉ ይኸውን ብፍላይ ድማ ኣብ መባእታ ደረጃ ተምሃራይ ቤት ትምህርቲ ኮምቦኒ (እድገት) ከለኹ፡ ታሪኽ ክፈቱን ፖለቲካ ክከታተልን ዝገበሩኒ መምሃራይን ኣያታተይን ይኹን ካብ'ቲ መቃን ጊዜ ኣትሒዞ ዘንበብክዎም መጽሓፍቲ፣መጽሔታትን ጋዜጣታትን ኰነ ምርምራውን መጽናዕታውን ወረቓቕትን ኣዝማድን ቤተሰብን እንተላይ ኣድነቕቶምን ብልቢ ከመስግን እፈቱ።
- ንትካል ቢቢሲ፡ፈነወ ቋንቋ ትግርኛ ድማ እወንታዊ ግደኩምን ተራኹም ስለ ዚዕዝዝ ምስጋናይ ይብጻሕኩም ክብል እረድይ።